ካቶሊካዊ መንበረ ሊቀ ጳጳሳት ዘበኣሥመራ

## ካቶሊካዊ ርእሰ ኤጳርቅና ዘበኣሥመራ
## ኣሥመራ - ኤርትራ

# "ስሙ ከኣ ኢየሱስ ክትሰምዮ ኢኺ"

በዓለ ልደት ፳፱ ታኅሣሥ ፳፻፲፯ ዓ.ም.ግ. 7 ጥሪ 2025 ዓ.ም.ፈ.

ክቡር ሕዝበ እግዚኣብሔር፣

እንሆ ሎምዘመን እውን ልደት መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክነብዕል ንርከብ ኣሎና። በዚ እግዚኣብሔር ዓመት መጸአ ዝህበና ዓቢይ ዕድል ከኣ ብምሉእ ልብና ክነመስግኖን፣ ነዚ ዝረኸብናዮ ቅዱስ ጊዜ ከኣ, *"ጊዜ ከሎካ ጊዜ ኣይትጸበ"* እዩ እሞ፣ ንመንፈሳዊ ረብሓና ክነውዕሎን ይግባእ።

ገብርኤል መልኣኽ ንእኖና ድንግል ማርያም ከበሥራ ብእግዚኣብሔር ምስ ተላእከ፣ *"ማርያም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጸጋ ረኺብኪ ኢኺ እሞ፣ ኣይትፍርሂ። እንሆ ክትጠንሲ ወዲ'ውን ክትወልዲ፣ ስሙ ከኣ ኢየሱስ ክትሰምዮ ኢኺ። ንሱ ዓቢይ ኪኸውን ወዲ እቲ ልዑል'ውን ክበሃል እዩ'* (ሉቃ 130-32) በላ። መዝገበ ሃይማኖትና ከም ዝገልጾ፣ "ኢየሱስ ብዕብራይስጢ *'እግዚኣብሔር የድኅን'* ማለት እዩ። ኣብ ጊዜ ብሥራት ገብርኤል መልኣኽ ነዚ ኢየሱስ ዚብል መንነቱን ተልእኮቱን ዚገልጽ ስመ ተጸውዖ ሃቦ። ንኃጢኣት ኪሓድግ ዝኽእል እግዚኣብሔር ብሕቱ ስለዝኾነ፣ በቲ ሰብ ዝኾነ ዘለዓለማዊ ወዱ ገቢሩ፣ *"ንሕዝቡ ካብ ኃጢኣቶም ከድኅኖም" (ማቴ 1:21) ዘለዎ እግዚኣብሔር ባዕሉ እዩ። ምእንተ ሰባት ንዝሓንጸጸ ታሪኽ-ድኅነቱ እግዚኣብሔር ኣብ ኢየሱስ ከጠቓልሎ ተረኽበ"* (መዝ.ሃይማኖት ቀ.430)። ቅዱስ ዮሴፍ ጻድቕ፣ ነታ ነፍሰ ጾር ኮይና ዝረኣያ ሕጽይቱ ድንግል ማርያም፣ ብስቱር ክሓድጋ ምስ ደለየ፣ መልኣኽ እግዚኣብሔር ናብኡ መጺኡ፣ *"ዮሴፍ ወዲ ዳዊት፣ እቲ ካብኣ ዚውለድ ብመንፈስ ቅዱስ ስለ ዝኾነ ንሕጽይትኻ ማርያም ምውሳዳ ኣይትፍራህ። ወዲ ክትወልድ እያ፣ ንሱ ከኣ ንሕዝቡ ካብ ኃጢኣቶም ከድኅኖም እዩ እሞ ስሙ ኢየሱስ ክትብሎ ኢኻ"* (ማቴ 1:20-21) እናበለ ከበራትዖን ነቲ ዝኸውን ዝነበረ ምሥጢራዊ ፍጻሜ ከብርሃሉን ተረኽበ። ኢየሱስ ምስ ተወልደ እውን እቲ መልኣኽ ነቶም ጓሶት፣ *"እንሆ ንኹሉ ሕዝቢ ዝኸውን ዓቢይ ሓጐስ ኣበሥረኩም ኣሎኹ እሞ ኣይትፍርሁ፣ ምኽንያቱ ሎሚ፣ መድኃኒ ክርስቶስ ጐይታ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊዱልኩም ኣሎ"* (ሉቃ 2:10-11) በሎም። ኢየሱስ መድኃኒ ማለት ክኸውን ከሎ ክርስቶስ ከኣ ቅቡእ ንጉሥ ወይ ጐይታ ማለት እዩ ዘስምዕ።

ተስፋ ድኅነት ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ኣብ ሕዝቢ እስራኤል ብፍላይ፣ ብሓፈሻ ድማ ኣብ ኩሎም ደቂ ሰባት ዝነበረ እዩ። እግዚኣብሔር ነቲ ካብ ኩሎም ኣሕዛብ ዝመረጾ ሕዝበ እስራኤል፣ *"ተስፋ ድኅነት ተኸቲሉ ዝጐዓዝን፣ ነቲ ሓዲስን ዘለዓለማዊ ኪዳን ዚጸበን ገቢሩ ንሕዝቡ ብነቢያት ኣሰናደዎ። እቲ ኪዳን'ቲ ንኩሎም ሰባት ዚኸውንን ኣብ ልባቶም ዚጸሓፍን እዩ። ሕዝቢ-እግዚኣብሔር መሠረታዊ ድኅነት ንኪጭብጥ፣ እንካብ ኩሉ ጥልመታቱ ኪነጽሕ ከምዘለዎ ነቢያት ደጋጊሞም ነገሩ፣ ድኅነት ከኣ ንኩሎም ኣሕዛብ ከምዝኾነ ኣበሠሩ"* (መዝ.ሃይማኖት ቀ.64)። ኣብ ሓዲስ ኪዳን ከኣ፣ እኖና እግዝእትነ ማርያምን፣ ከምኡውን ዘካርያስን ስምዖንን ሃናን ተስፋ ድኅነት ይጽበዩ ነበሩ፣ ድኅነት ኣምላኽ ምስ በጽሖም ከኣ ብታሕጓስ ኣመስገኑ። ድንግል ማርያም፣ *"ከምቲ ነቦታትና፣ ንኣብርሃምን ንዘርኡን ዝነገሮም፣ ንዘለዓለም ምሕረቱ እናዘከረ ንእስራኤል ባርያኡ ተቐበሎ"* (ሉቃ 1:54-55) እናበለት እግዚኣብሔር ኣብ ዝሃቦ ተስፋ እሙን ከምዝኾነ መስከረት። ዘካርያስ ኣቦ ዮሓንስ መጥምቕ ከኣ *"ንሕዝቡ ስለዝበጽሖምን ዝተበጀዎምን እግዚኣብሔር ኣምላኽ እስራኤል ይባረኽ። ከምቲ ካብ ጥንቲ ጌዙ ብኣፍ እቶም ቅዱሳን ነቢያቱ ዝተዛረቦ ኣብ ቤት ዳዊት ባርያኡ ኃይሊ ምድኃን ኣተንሥኣልና"* (ሉቃ 1:68-70) ብምባል ተስፋ ኣበው ከምዝተፈጸመ ይገልጽ። ብዛዕባ ወዱ ዮሓንስ ድማ፣ *"ኣታ ሕጻን እውን መገዲ ልዑል ክትጸርግ ቀቅድሚ ጐይታ ክትከይድ ኢኻ እሞ፣ ናይቲ ልዑል ነቢይ ተባሂልካ ክትሰመ ኢኻ። ንሕዝቡ ናይ ኃጢኣቶም ኅድገት ዚረኽቡሉ ናይ ድኅነት ፍልጠት ክትሀብ ኢኻ"* ይብሎ እሞ፣ ቀጺሉ ከኣ *"በቲ ለውሃት ምሕረት ኣምላኽና ካብ ላዕሊ ጸሓይ በሪቑ ኪበጽሓና እዩ። ንሱ ነቶም ኣብ ጸልማትን ኣብ ጽላሎት ሞትን ዝርከቡ ኬብርህ እዩ፣ ነእጋርና ከኣ ናብ መገዲ ሰላም ኪመርሕ እዩ"* (ሉቃ 1:76-79) እናበለ ንልደት መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ምብራቕ ጸሓይ፣ ሰጓጕ ጸልማትን ገቢሩ ብዘገርም ኣገባብ ይገልጾ። እቲ ጸሓይና በሪቑ ኣብ ማእከልና ድንኳኑ ምስ ተኸለ ከኣ ስምዖን ኣረጋዊ ነቲ ሕጻን ካብ ኣዲኡ *"ኣብ ሕቑፉ ተቐቢሉ ንኣምላኽ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ ኣመስገኖ፣ 'ኦ ጐይታይ፣ ደጊም ንባርያኻ ከም ቃልካ ብሰላም ኣፋንዎ። ከመይ ኣዕይንተይ ነቲ ምድኃንካ ርእየናኦ እየን። እዚ ከኣ እቲ ኣብ ቅድሚ ኩሉ ሕዝቢ*

ዘዳሎኻዮ ድኅነት እዩ። ንሱ እቲ ንኣሕዛብ ብርሃን ሕዝብኻ እስራኤልውን ክብሪ ዚገልጽ እዩ" (ሉቃ 2:28-32) በለ። ሃና ነቢይት ከኣ ብጊደኣ "ናብኡ መጺኣ ንኣምላኽ ኣመስገነቶ፣ ነቶም ምድኃን ኢየሩሳሌም ዚጽበዩ ኩሎም ከኣ ብዛዕባኡ ተዛረበቶም" (ሉቃ2:38)

መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓዋርያዊ ስርሑ ኣብ ዝጀመረሉ ጊዜ፣ ኣብ ምኩራብ ከንብብ ምስ ተንሥአ፣ ንመጽሓፍ ነቢይ ኢሳያስ 61:1-2 ጠቒሱ፣ "ንድኻታት ከበሥር ስለዝቐብኣኒ፣ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕለይ ኣሎ፣ ንምሩኻት ምምላስ፣ ንዕዉራት ምርኣይ፣ ንግፉዓት ምውጻእ ሓራ ክበሥር፣ ሕርይቲ ዓመት እግዚኣብሔር ክሰብኽ ለኣኸኒ" (ሉቃ 4:18-19) ዝብል ትንቢት ምስ ኣንበበ ነቶም ዝሰምዑ ዝነበሩ "እዚ ጽሑፍ እዚ ሎሚ ኣብ ኣእዛንኩም ተፈጸመ" (ሉቃ 4:21) ብምባል ንሱ ብርእሱ እቲ ኩሎም ዝጽበይዎ ዝነበሩ ተስፋ ዓለም፣ መድኃኔ ዓለም ምዃኑ ኣረጋገጸሎም። ዮሓንስ መጥምቕ፣ "ንኢየሱስ ናብኡ ኣቢሉ ክመጽእ ከሎ ምስ ረኣዮ፣ 'እንሆ ኃጢኣት ዓለም ዘርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ'"(ዮሓ 1:29) እናበለ ንተመሃርቱ ምስ ኢየሱስ የላልዮም። እንደገና ዮሓንስ ንተመሃርቱ ልኢኹ፣ "እቲ ዚመጽእ ንስኻ ዲኻ፣ ወይ ድማ እንጽበዮ ካልእ ኣሎ"? (ማቴ 11:3) ኢሉ ንኢየሱስ ምስ ሓተቶ፣ መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ከኣ ነቶም ተላኢኾም ዝመጹ፣ "ኬድኩም እዚ እትሰምዕዎን እትርእዩዎን ዘሎኹም ንዮሓንስ ንገርዎ። ዕዉራት ይርእዩ፣ ሓንካሳት ይኸዱ፣ ለምጻማት ይነጽሑ፣ ጸማማት ይሰምዑ፣ ምዉታት ይትንሥኡ፣ ድኻታት ወንጌል ይብሥሩ ኣለው። ብኣይ ዘይዕንቀፍ ከኣ ብፁዕ እዩ" (ማቴ 11:4-5) እናበለ ነቶም ምልክታት ምምጻኡ ዘርዚሩ፣ ድሮ ናይ እግዚኣብሔር ድኅነት ብልግሲ ክዕድል ከዝጀመረ ገለጸሎም። ነታ ኣብ ዝሙት ተረኺባ ኢሎም ናብ ኢየሱስ ዘምጽእዋ ሰበይቲ እውን ኢየሱስ "ኣቲ ሰበይቲ እቶም ከሰስትኺ ደኣ ኣበይ ኣለዉ? ዝፈረደኪዶ የልቦን በላ። ንሳ ከኣ 'ሓደኳ የልቦን ጐይታይ! በለቶ። ኢየሱስ ድማ 'ኣነውን ኣይፈርደክን እየ፣ ኪዲ እሞ ደጊም ኣይትበድሊ በላ" (ዮሓ 8:10-11)።"ምሕረት ኣብ ልዕሊ ፍርዲ ሰለእትዕወት"(ያዕ 2:13)፣ ከምቲ ቅዱስ ኣጕስጢኖስውን ዝበሎ፣ ምሕረትን ውርደትን ተራኺባ፣ ኣብ መጨርስትኡ ግን ምሕረት-ኣምላኽ እያ እትዕወት። እቲ ኣብ በዓቲ ቤተልሔም ካብ ድንግል ማርያም ዝተወልደልና ኣማኑኤል -እግዚኣብሔር ምሳና- መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ፣ ገጽ ምሕረትን ኣፍቃሪ ክምስታ ሰማያዊ ኣቦናን እዩ። ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቂ ከምዝበሎ፣"ፍቅር ሰሓቦ ለወልድ ኃያል እመንበሩ ወኣብጽሖ እስከ ለሞት"፣ ንወዲ- ኣምላኽ ካብ መንበሩ ዘውረዶን ክሳብ ሞት ዘብጽሖን ፍቅሪ እዩ፡ ምኽንያቱ ከኣ "በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ዘበለ ኩሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ኪረክብ እምበር ከይጠፍእሲ፣ ኣምላኽ ንወዱ በኻ ክሳዕ ዚሀብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ። ምኽንያቱ፣ ኣምላኽ ንወዱ ናብ ዓለም ዝለኣኾ፣ ዓለም ብእኡ ምእንቲ ክትድኅን እምበር ንዓለም ክፈርድ ኢሉ ኣይኮነን። እቲ ብእኡ ዚኣምን ኣይኪፍረደን እዩ፣ እቲ ብኣኡ ዘይኣምን ግና ብሓደ ወዲ ኣምላኽ ስለዘይኣመነ ድሮ ተፈሪድዎ እዩ' (ዮሓ 3:16-18)

ቅዱስ ጳውሎስ፣ ብዛዕባ ኣገባብ ድኅነትና ክገልጽ ከሎ፣ "ንሕና ብክርስቶስ ተኻፈልቲ ጽድቂ ኣምላኽ ምእንቲ ክንከውን ኣምላኽ ነቲ ኃጢኣት ዘይፈለጠ ኣብ ክንዳና ኃጢኣተይና ገበሮ" (2ቆሮ 5:21) ይብል። ወልደ እግዚኣብሔር ሥጋና ለቢሱ ካብ ድንግል ማርያም ዝተወልደሉ ምኽንያት፣ በጃና ኮይኑ፣ ካብ ኃጢኣት፣ ካብ ጸልማት፣ ካብ ባርነት ነጻ ከውጽኣና፣ ምስ እግዚኣብሔር፣ ምስ ብጻይና፣ ምስ ርእስና፣ ምስ ተፈጥሮ እውን ኣተዓሪቑ፣ ወረስቲ ዘለዓለማዊ ሕይወት ምእንቲ ክገብረና እዩ። ንኣና ከይመስለ ከድኅነና ኣይከኣለን፣ ኣይደለን እውን ክንብል ንኽእል።"ንሕና ግና ደቂ መዓልቲ ስለዝኾንና፣ እምነትን ፍቕርን ከም ድርዒ ለቢስና፣ ናይ ድኅነት ተስፋ ከኣ ከም ቍራዕ ርእሲ ደፊእና፣ ገዛእ ርእስና ብምግታእ ንንበር። ከመይ ኣምላኽ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምድኃን ክንረክብ እምበር፣ ንቑጥዓስ ኣይመደበናን" (1ተሰ 5:8-9)። ኣብዚ ሎሚ እንነብረሉ ዘሎና ዓለም ግን፣ ትርጉም ኃጢኣትን ድኅነትን እናሃሰሰ ይኸይድ ምህላዉ መንም ዝኽሕዶ ኣይኮነን። እዚ ዘሎናዮ ዘመን "ዘመን እንታይ ኣለዎ፣ ዘመን ጸገም የልቦን፣ ዘመን ነርክበሉ፣ ዘመን ኣጋጣሚ እዩ'። ስለዚ፣ ምድኃን ወይ መድኃኒ ክበሃል ከሎስ እንታይ ማለት እዩ ? ኢልና ንርእስና ክንሓትት ኣገዳሲ ይኸውን። ካብ መን ወይ ካብ ምንታይ ኢናኸ ንድኅን? ዝብሉ ሕቶታት ክለዓሉ ከኣ ጠቓሚ እዩ። መድኃኔ ዓለም ኣብ ቤተልሔም፣ ኣብ ከተማ ንጉሥ ዳዊት ተወሊዱልና፣ ሎሚ ከም ሎሚ ካብ ምንታይ እዩ ዘድኅነኒ? ዝኣበስክዎ ኣሎኒ ድዩ? ዝጐደለኒ ነገር ኣሎ ድዩ? ኢልና ንርእስና ንሕተት። ድኻታት ምዃንና፣ ኃጢኣተይናታት ምዃንና እንተዘይተኣሚንና፣ ድኅነት ወይ መድኃኒ ከምዘድልየና ክንእመን ኣይንኽእልን ኢና። ኣብዚ ኣብ ዓመት ኢዮቤል ድኅነት፣ እነብዕሎ ልደትን ጥምቀትን እምበኣር፣ ባዕልና ካብ ኃጢኣት፣ ካብ መንፈሳዊ ባርነትን ድኽነትን፣ ካብ ጸልማት ሓራ ክንወጽእ ከምዘይንኽእል ፈሊጥናን ተኣሚንናን፣ ነቲ ድኅነትን፣ ሓርነትን፣ ብርሃንን ክህበና ሰማያዊ ክብሩ ሓዲጉ ኣብ መብልዕ ማል ዝተወልደ መድኃኔ ዓለም፣ ብእምነትን ብተስፋን ብፍቕርን ክንቅበሎ፣ ኣብ መጨረስትኡ ድማ "ንሕና ኩልና ካብ ምልኣቱ ጸጋ ኣብ ልዕሊ ጸጋ" (ዮሓ 1:16) ክንቅበል ይግባእ። ቡሩኽ በዓላት ልደትን ጥምቀትን ይግበረልና። ኣሜን።

ኣቦነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ሊቀ ጳጳሳት ዘመንበረ ኣሥመራ